# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ

Eden Daniels
Eden Daniels
ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ

This work is licensed under a Creative Commons Attribution-NonCommercial 3.0 International License.

https://creativecommons.org/licenses/by-nc/3.0

# ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ

Eden Daniels
Eden Daniels
ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ
2
ትግርኛ ti

ትርሓስ ደቂ ተባዕትዮ ኲዕሶ እግሪ ክፃወቱ ሪኣ፤ ናብኣቶም ተሓዊሳ ክትፃወት ደልያ። ምስአቶም ተሓዊሳ ክትለማመድ ትክእል እንተኾይና ድማ ነቲ ኣሰልጣኒ ሓቲታቶ።

እቲ አሰልጣኒ አእዳው አብ ሸምጡ ገይሩ፡፡
“አብዚ ቤት ትምህርቲ ፀወታ እግሪ ኩዕሶ
ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ እዩ ክፃወቱ
ተፈቂዱ” ኢሉ መለሰላ፡፡

እቶም ደቂ ተባዕትዮ ንዓአ መርበብ ኩዕሶ ኸይዳ ንክትፃወት ነጊሮማ። ከምዚ እውን ኢሎም መርበብ ኩዕሶ ንደቂ ኣንስትዮ እግሪ ኩዕሶ ድማ ንደቂ ተባዕትዮ እዩ ምስበልዋ ትርሓስ ሓሪቃ።



እቶም ተመልከቲ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ተሰመዖም፤ ካብዚ ዕለት ጀሚሩ አብቲ ቤት ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮ ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ተፈቂዱ።

ካብ ዕረፍቲ መልሲ ሓደ ተፃዋቲ እታ ኵዕሶ ናብ ትርሓስ ኣሕሊፍ ሂብዋ። ንሳ ብፍጥትን ናብ ጎል ገፅ ብምሕላፍ ብሓይሊ ብምውቃዕ ሽቶ አመዝጊባ።



ኣብቲ ካልአይ መዓንቲ፤ እቲ ቤት ትምህርቲ ከቢድ ውድድር ፀወታ እግሪ ኵዕሶ ነይርዎ። እቲ አሰልጣኒ አብዚ ውድድር ብጣዕሚ እዩ ሓዚኑ ነይሩ ምክንያቱ ድማ እቲ ብሉፅ ተፃወቲኡ ብምሕማሙ።

ትርሓስ ናብቲ አሰልጣኒ ብፍጥነት ከይዳ ንኽትፃወት ንክፈቅደላ ለሚናቶ። እቲ አሰልጣኒ እንታይ ከም ዝውስን ርግፀኛ ኣይነበረን። ደሓር ግን ትርሓስ ናብቲ ቡድን ተሓዊሳ ንኽትፃወት ፈቒዱላ።



እቲ ፀወታ ከቢድ ብምንባሩ ክሳብ ጊዜ ዕረፍቲ ምንም ጎል (ሸቶ) ክምዝገብ ኣይክአለን ነይሩ።